# ኣገዳሲ ሓበሬታ ንኹልኹም ኤርትራዊያን



***ዕሸላት ድራር ኣምራን ዓሳታትን ይኾኑ ጃንዳ ህግደፍ ከኣ ብኣሽካዕላል ይስሕቁ።***



ንሕና ኣብ ሽወደን እንርከብ ኤርትራውያን/ሲቪካዊ ማሕበራት, ተቓወምቲ ውድባት, ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ, ውልቀሰባትን መንእሰያትን/ ደለይቲ ፍትሕን ዲሞክራስን ብሓባር ብምኻን ነቲ መለለዪኡ ጭቆናን ግፍዕን ዝኾነ ባርባራዊ ስርዓት ህግደፍ ንህዝብናን ሃገርናን ብፍላይ ከኣ ንመንእሰያት ኣደዳ ሞትን ስደትን ስቅያትን ጌርዎም ዘሎ፡ ተሓታቲ ናይ እዚ ኩሉ ጥፍኣት ድማ ስርዓት ህግደፍ ምስ መጋበርያታቱ ኢዩ።ካብዚ ብምብጋስ እምበኣር ነቲ ብዘይ ሕግን ስርዓትን ኣብ ኮረሻ ስልጣን ተወጢሑ ብዘይ ቅዋም ደስ ከምዝበሎ ዘመሓድር ዘሎ ስርዓት ልዕለዋይ መሪሕነት የማነ ገብረኣብ /ማንኪ/ ኣብ ስቶክሆልም ንሰምበት 1 ግንቦት ኣኼባ ክገብር ተዳሊዩ ስለ ዘሎ፡ ኣብዚ ናይ ሓሶትን ምድንጋርን ፕሮፖጋንዳ ተተሓሒዞሞ ዘለዉ ግዜ ካብ ሓፋሽ ተሓቢኦም ኣብ በረኻታት ሰሚናራት ከካይዱ ጀሚሮምሉ ኣብ ዘለውሉ እዋን፡ ካባ ሕፍረት ተኸዲኖም ክሳብ ዝዋረዱ ብሓባር ብሙኻን ኩልና ነቲ ዘሎ ፍልልይ ንጎድኒ ገዲፍና ዋልታን ጸግዕን ውጹዕ ህዝብና ምብኻን ንሓሶታቶም ንምቅላዕ ኣብዚ ፍሉይ መዓልቲ ክንሳተፍ ሕልናዊን ሞራላውን ግዴታ ኣሎና እሞ ሃየ ሎሚ ኢያ እታ ግዜ።
በዚ ኣጋጣሚ ንኹሉኹም ደለይቲ ለውጥን ፍትሕን ኣብዚ ታሪኻዊ መዓልቲ ምሳና ሓቢርኩም ክትሳተፉ ብኽብሪ ንዕድም።

ኣዋሃሃዲት ኮሚተ